ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
D/Selam MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

9 ሕዳር 2011 ዓ.ም.ግ.
18 ሕዳር 2018 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2011-115

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፣ ዕድመ ንኹሎም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣

ትብጻሕ ናብ ኩሎም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣

ብመጀመርታ ነቲ ልዑለ ባህርይ ዝኾነ ሕያው ኣምላኽ ምስጋና ይብጸሓዮ። ብምቕጻል ኣብ ኩሉ መንፈሳዊ ህይወትኩም ሰላም፣ ፍቕሪን ቅሳነትን ክህልወኩም ሰናይ ትምኒትና ንገልጽ።

ኣስዒብና ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተዘራረብናሉ ተራድኦ ፈነወ-ሬሳ: እቶም ነዚ ንምድላው ዝተመዘዙ ሽማግለ ነዚ ጉዳይ`ዚ ናይ መወዳእታ መልክዑን ፍጻሜን ክገብረሉ ምእንቲ: ጻውዒቶም ናብ ኣባላት ደብረሰላም የመሓላልፉ ኣለዉ። እዚ ጉዳይ`ዚ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝግበረሉ ስለዝኾነ: ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኣብ ናይ ሰንበት ጉባኤ ብዕለት 9 ታሕሳስ 2018 ክ(ት)ርከብ ምስ ኣኽብሮት ሰበኻ ጉባኤ ጻውዒት የመሓላልፍ።

**መተሓሳሰቢ፣**
ካብ ኣባላትና ኢመይል ብዘይምሃቦም፣ ብምኽንያት ኢመይል: ምቕያሮም ወይ ከኣ ብወገን ኣባል ይኹን ብወገንና ዝግበር ግጉይ ኣጸሓሕፋ ኢመይል: እቲ እንልእኮ መልእኽቲ ዘይበጽሖም ኣለው። እዚ ዝዕሪ ከኣ: እቶም ኣባላት ኣይበጽሓንን ኣሎ ኢሎም: ናብ ሰበኻ ጉባኤ ኢመይል ኣድራሻኦም ጽሒፎም ምስ ዘቕርቡ ኢዩ እሞ: ሓደራ ብኹሉ መዳይ ንእትፈልጡዎም ብምሕባር ክትተሓባበሩና ምስ ኣኽብሮት ንሓተኩም። እዚ ዝኸውን ከኣ ናባና ብምቕራብ፣ ብጽሑፍ ወይ ከኣ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ኢመይል ኣድራሻ ክለኣኽልና ይኽእል።

ቦታ ኣኼባ፣ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ
ሰዓት፣ 13,00 ብጸሎት ጀሚሩ ካብ ሰዓት 14,00 ክሳብ 16,00 ይካየድ

ብደሓን ምጹ

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሃገርናን ኦርቶዶክስ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይዓቅበልናን ይባርኽልናን።

ስለ እዚ
ታረቀ ትኳቦ (ጸሓፊ)

**ሰበኻ ጉባኤ ደብረሰላም መድሓኔ ዓለም**
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselammedhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**